ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

# INFORMATION OM KÖNSSTYMPNING

*Tigrinja*

Sweden

# ምኽንሻብ

**ኣብ ሽወደን ብመሰረት ናይ ሽወደን ሕጊ (SFS 1982:316) ምኽንሻብ ክልኩል እዩ።**

ዝኾነ ነዚ ሕጊ ዝጠሓሰ ሰብ ክሳብ 10 ዓመት ክእሰር ይኽእል እዩ። ዋላ'ውን እቲ ምኽንሻብ ካብ ሽወደን ወጻኢ ይፈጸም። ፈተነን ምድላ ውን ምኽንሻብ እውን ዘይሕጋዊ እዩ። ከምኡ'ውን ንምኽንሻብ ንም ፍጻም ዝደፋፍእ ሰብ። ምኽንሻብ ክፍጸም ምኺኑ እንዳ ፈለጥካ ንዝ ምልከቶ ኣካል ነቲ ጕዳይ ዘይምምልካት እውን ገበን እዩ። ብግብሪ ነቲ ምኽንሻብ መን ከም ዝገበሮ ብዘየገድስ፡ ወለዲ ናይ'ታ ጓል፡ ነቲ ምኽንሻብ ናይ ምኽልካል ሓላፍነት ኣለዎምን ኣብ ሽወደን በቲ ገበን ክፍረዱ ይኽሉን እዮም።

*ሕጊ (1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

Länsstyrelserna

Polisen

# ሳዕቤን

**ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፡ ከም ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ እውን ዝፍለጥ፡ ናይ ጓል ወይ ሰበይቲ ግዳማዊ ክፋል ብልዕቲ ንምቕያር ወይ ምጕዳእ ዝዓለመ ግህሰት እዩ። ምኽንሻብ ብብዙሕ መንገዲ ጕድኣት የስዕብ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ጸገማት ድማ ሽዑንሽዑን ዳሕራይ ኣብ ሂወትን ከስዕብ ይኽእል፡**

- ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን ብርቱዕ መድመይቲ
- ረኽሲ
- ቃንዛ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ
- ጸገም ኣብ ምሻን
- ጸገም ኣብ እዋን ጻግነ (ጻድያት)
- ቃናዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ንኽልቲኦም ሰበይቲን ሰብኣይን
- ንጓል ኣንስተይቲ ካብ ምጥናስ ክዕንቅፋ ዝኽእል መጕዳእቲ
- ጸገማት ኣብ እዋን ሕርሲ
- ኣእምሮኣዊ ጕዳይ
- ሞት

# ዓይነታት ግዝረት ብልዕቲ

**ውድብ ጥዕና ዓለም ኣርባዕተ ዓይነት ምኽንሻብ የነጽር፦**

**1ይ ዓይነት፦** እቲ ጉድበን/ወይ ጉልባብ ናይ ጉድበን ተኣልዩ ኣሎ።

**2ይ ዓይነት፦** ጉድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቑሪጹ ኣሎ።

**3ይ ዓይነት፦** ጉድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቑሪጹ ናይ ርሕሚ ከፋት ንምሽፋን ብሓደ ተሰፍዮም ኣለዉ።

**4ይ ዓይነት፦** ኲሎም ካልኦት ንርሕሚ ጐዳእቲ ዝኾኑ ከም ምብሳ ዝኣመሰሉ  ኣገባባት:::

ሓደ ሓደ ግዜ ሰብ ብዛዕባ ዝተፈላልዩ ዓይነት ምኽንሻብ ( ምጉዳል ብልዕቲ) ክዘረብ ከሎ “ሱናህ” ይጥቀስ እዩ። ኲሉ ዓይነት ምጉዳል ብልዕቲ (ምኽንሻብ) ነቶም ብ”ሱናህ” ዝፍለጡ ሓዊስካ  ዘይሕጋው ያን እዮም።

Polisen

Länsstyrelserna

ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

*Detta material är framtaget av Länsstyrelsen Östergötland.*